# ጥንታውያን ምሳሌታት ኣበው

ቋንቋ ብቓላት ጥራይ ኣይኮነን ዝግለጽ። ኣሰኻኽዓ'ውን ኣገዳሲ እዩ። ኣቦታትና ቀደም ብኸመይ ይረዳድኡ ነይሮም፡ መልእኽትታቶም ብኸመይ የመሓላልፉ ነይሮም እንተበልና፡ ኣብ ምክብባር ዝተመስረተ ኣገባብ'ዩ ነይሩዎ። ኣድላይነት ኣብ ዘይተራእዮም ኩነታት፡ ምስጢር ናይ ሰብ ክቕላዕ ኣብ ዘይደልዩዎ፡ ብቕሉዕ ክውደስ/ክውቀስ ንዘይደለዩዎ/ዝደለዩዎ ኮታ ብሓፈሻ መልእኽትታት ከመሓላልፉ፡ ምኽሪ ከበርክቱ፡ ክነቕፉ፡ ክወቕሱ፡ከሞግሱ ድዮም፡ ሓበሬታ ክህቡ ከከም ኩነታቱ ብጋህዲ ወይ ብምሳሌን እሽሙርን ብኣውሎን ልቕሶን ግጥምን ብደርፍን ብማስያን ወዘተ ከከም ዝጥዕሞም ይገልጹዎ።ናይ ሃገርና ኩነታት ኩላትና ከም ንፈልጦ ኣብቲ ዝመረረ/ዝለዓለ ናይ ጭኮና ደረጃ በጺሑሉ ኣብ ዘሎ ድማ በብዓቕምና ብግህዶ ድዩ ብውስጠ-መልእኽቲ ሓበሬታት ኣብ እንለዋወጠሉ ዘለና ግዜ፡ ከም ሓደ ኩርናዕ ናይ ኣቦታትና ባህሊ ምሳሌታት'ውን ቦትኡ ክነትሕዞ ብማለት ቀጺልና ገለ ሒደት ከም መጀመሪ ክነቕርበልኩም ከለና፡ ናታትኩም ተኻፋልነት'ውን ዓቢ ግምት ስለ እንህቦ ተኻፋልነትኩም ኣይጋደፈና።

ህውከት ይሰድድ በረኸት  
ሓሚሙ ዝተንሰአ፡ ፈጣሪኡ ረስዐ  
ሓምሊ ብዘውጽኦ ጸገም፡ ኣይትኹራዕ ስገም  
ሓሪጭ ሰይጣን ዝልቃሕ፡ ከይበልዐን ይብል ጋሕ  
ሓሲኻ ኣይቅያሕ፡ ኣብ እምኒ ደይብካ ኣይንዋሕ  
ሓሳዊ ኣብ መልሓሱ፡ ክናብ ኣብ ማሕፈሱ  
ሓቂ እናሓደረ ይኹላዕ ከም ወርቂ  
ሓባል መጠመቲኣ ትኳሓል  
ሓደ ግዜ ካብ ምዝራብ፡ ሰለስተ ግዜ ምሕሳብ  
ሕሙም መንጸርጸሪ፡ ኣምላኽ ዝወሰኖ ንዘይቀሪ  
ሕማም ዘይብሉ፡ ሕሙም ስጋ በሊዑ ይሓምም  
ሕማቕ ምስ ዝጸልእ፡ ከመዓልካ ይኸልእ  
ሕማቕ ነዓቂ፡ ጸማም ሰሓቒ  
ሓሳዊ ከም ኣፉ፡ ሰራቒ ከም ኢዱ  
ሓሳውን ስንቅን እናሓደረ ይፈኾስ  
ሓቂ ብርእሳ እንተቐበርካያ ብእግራ ትወጽእ  
ሓባእ ቁስሉ ሓባእ ፈውሱ  
ሕሙም ዓይኒ ኣብ ጥቓ ትኪ ኣይተቕርብ  
ሕነኡ ዘይፈዲ ወዲ ኣድጊ  
ሕኑቕ እንታይ የውጽእ? ዓፍራ  
ሓያል ሓምሓም ንእምኒ ሓደጋ ይወድቆ  
ሕልፈት ንዘይፈልጥ፡ ዑና ዓዲ ኣርእዮ  
ለባም ይሓስብ ናይ ዓመት፡ ዓሻ ይሓስብ ናይ ዕለት  
ልቓቕ ዘይምድርኻ፡ ውረድ ዘይበቕልኻ  
ላዕላዩ ዝተዘርገ ታሕታዩ ነይጸሪ  
ልሳን ዓጽሚ የብሉን፡ ግን ዓጽሚ ይሰብር  
መናበሪ ገዲፍካ መናገሪ፡ ሞት ንዘይቀሪ

**መንቀኛ ሰብ ጸላኢኡ ይተክል፡ ፈታዊኡ ይነቅል**
**መእሰሪ ዘይብሉ ማእዶ፡ ተዘርዚሩ ይስንዶ**
**መኻሪ ዘይብሉ ንጉስ፡ ዘይሓደ ዓመት ነይነግስ**
**ምምካርሞ በዓለገ ይመክር፡ ስኣን ዝሰምዮ ይበኩር**
**ምንም ዓመታት እንተሕለፉ፡ ካብ ሞት ነይተርፉ**
**ምጽላእስ ንጻላእ፡ ፍትሒ ግን ኣይንካላእ**
**መላኺ ዘይብሉ፡ ሰይጣን ይመልኮ**
**መርገም ከውድቕ'ምበር ክወግእ ኣይረአን**
**መዓልቱ ዝሓለፎ ስጋ ምጭናዉ ነይተርፎ**
**መዓልትን ከልብን ከይጸዋዕካዮም ይመጹ**
**መገዲ እንተ ጠፍኣካ፡ ጓል መገዲ ድለ**
**ምብላዕካ ዝለመደስ፡ እናኸርእየካ የምባሁኽ**
**ሞትን ክራማትን ምንም ኣይተርፍን**
**ሳዕሪ ዘይሃብካያ ላም፡ ጸባ ኣይትህብን**
**ርሑቕ ከይዱ ዝምርዖ፡ ሓደው ክታልል ሓደው ከታለል**
**ሰሪቕካ ካብ ምሕሳብ፡ ኢድካ ምእካብ**
**ሰብ ብዘይፈልጦ ይውጽዕ፡ እዝጊ ብዝፈልጦ ይቐጽዕ**
**ሰማይ ሰማይሲ ይትረፍድኽን፡ ምድሪ ይባርኸልክን**
**ሰራቒ ከም ኢዱ ሓሳዊ ከም ኣፉ**
**ሰኣን እልይ ነግር ገፍሐ፡ ሰኣን ስግር ውሒጅ በዝሐ**
**ሰይጣን ንኣመሉ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ይጠቅስ ይብሉ**
**ስም ተራፊ፡ ብልዒ ሓላፊ**
**ስሱዕ ክበልዕ ይሕነቕ፡ ሓሳዊ ክዛረብ ይስርነቕ**
**ሹመት ንዝፈልጦ የኽብዶ፡ ንዘይፈልጦ የዕበድብዶ**
**ሹም ንሹም ይኳለሱ፡ ድኻ ንድኻ ይላቐሱ**
**ሽሕ ፈልጺ፡ መጥመሪኣን ልሕጺ**
**ሽሕ መኻሪ፡ ሓደ ወርዋሪ**
**ሻራ ከም ባይቶኻ፡ ታሪኽ ከም ዓድኻ**
**ቀታሊ ሰብኣይኪ፡ ተቐታሊ ሓውኪ፡ ዘይሩ ሓዘኑስ ናትኪ**
**ቀናፍዝዶ መፋልስ ይሕሻ? ኩለን ወዳእቲ እኽሊ ይለሓሳ**
**ቂም ሒዝካ ጸሎት፡ ቁም ነገር ሒዝካ ተረት**
**ቃል ዓለም ክትገብሪ፡ ጾምኪ ከይትሓድሪ**
**ቀቢሩ ዝምለስ ያኢ፡ ዝመውት ኣይመስሎን**
**በዓለገ ኣይትበል ዕጥንጥን፡ ወዲ ጭዋ ቀጢኑ ነይቀጥን**
**በይኑ ዝጉዩ ዝቕድሞ'ብሉ፡ በይኑ ዝምጉት ዝረትዮ'ብሉ**
**በዓለገ ብመልሓሱ፡ ከልቢ ብጭራኡ ይልለ**
**ባዕላ ወሊዳቶ ኣይመሰለን፡ ባዕላ ሰንኪታቶ ኣይበሰለን**
**ባዕላ መቲራቶ ተሓንቀት፡ ባዕላ ሰትያቶ ተሰርነቐት**
**ባዕሉ ዝኣመነ መስክር ኣየድሊ፡ ብሱሩ ዝመንመነ ምሳር ኣየድሊ**
**ብላዕ ንኸርስኻ፡ ፍረድ ንነብስኻ**

**ሓውለይቶ**
06.12.2008